# ናይ እዋን ህጻንነት ክታበታት

## ናይ ግዜ ህጻንነት ሕማማት ተረሲዖም ክኾኑ ዝከኣል እኳ እንተኾነ፡ ጠፊኦም እዮም ማለት ግን ኣይኮነን።

ውላድኩም ጥዕናዊ ውሕስነት ከምዝረኸበ ኣረጋግጹ። ክታበታት፡ ንደቅና ብክታበት ክንከላኸሎም እንኽእል ካብ ዘበሉ ሕማማት እነድሕነሎም ዝበለጹ ኣገባባት እዮም። ውላድና ዘድልይዎ ዘበሉ እዋናዊ ክታበታት ከምዝወሰደን ከምዘይወሰደን ንምርግጋጽ፡ ነቲ ንውላድና ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ንወከስ።



# VACCINES

## YOUR BEST SHOT AT PREVENTION

ብኽብረትኩም፡ ሕቶታት ምስዝህልዉኹም ናብ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ወይ ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA በዚ ዚስዕብ ቊጽሪ ደውሉ፡-

1-800-831-6293

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ማለት ንክታበታትን ሕማማትን ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ ኣድራሻ እዚ ተወከሱ፡-

https://idph.iowa.gov/immtb/immunization
www.immunize.org • www.cdc.gov/vaccines
www.vaccine.chop.edu • www.aap.org

IDPH Iowa Department of Public Health | IOWA IMMUNIZATION PROGRAM

መጋቢት 2018 Tigrinya

ናይ እዋን ህጻንነት ክታበታት

ተኸተቡ መታን ዠሓሸን ጥዕና ዝመልአ መነባብሮ ኽትነብሩ ።



# ክታበታት እንታይ እዮም ብኸመይ መገዲ ኸ እዮም ዝሰርሑ?

Vክታበታት፡ ኣካላትና ቅድሚ ረኽሲ ምኽሳቱ ንባክተርያታት ይኹኑ ንይረሳት ኣለልዩ ንኽቃለሶም የለማምድዎ። ክታበታት፡ ንሓደ ህጻን፡ ሕልኽላኻት ናይ ሕማም ተኸሲቶም ብእኦም ክሳቐ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ውሕስነት ይህብዎ። ገለ ክታበታት ሓደ መድሃኒታዊ ዓቐን (ዶዝ) ጥራይ ዘድልዮም ክኾኑ እንከለዉ፡ ካልኦት ግን ምሉእ ውሕስነት ንኽህቡ ሓያለይ  መጠናት መድሃኒታዊ ዓቐን የድልይዎም።

## ውላደይ ኣየኖት ክታበታት ክወስድ እዩ ዘድልዮ?

ብዙሓት ናይ እዋን ህጻንነት ሕማማት ተረሲዖም ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም፤ የግዳስ ገና ኣለዉ። ደቅና ብሓደ ካብ'ዞም ሕማማት እዚኣቶም ምስዝተሓዙ፡ እቲ ዘጋጥም ጸገም ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዑረት፡ ናይ ሓንጎል ማህሰይቲ፡ ጽሙምነት፡ ኣካላዊ ምምዝባል፡ ናይ ኩሊት ማህሰይቲ፡ መልመስቲ፡ ከምኡ ሓሊፉ እውን ሞት ከጋጥሞም ይኽእል እዩ።

## ንደቅና ኣብ ግዚኡ ምስእነኽትቦም ካብ'ዞም ቀጺሎም ዝዝርዘሩ ሕማማትን ካብ ባክተርያን ውሕስነት ክረኽቡ እዮም፡-

- ዲፍተሪያ
- ቴታነስ (ምንጋጋ-ቆልፍ)
- ፐርቱሲስ (ሑእታ)
- ሕማም ወይቦ ደረጃ-ሀ
- ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ
- *ሄሞፊላስ ጉንፋዕ ዓይነት-ለ (Hib)*
- ጉንፋዕ (ኢንፍሉዌንዛ)
- ንፍዮ
- ጽግዕ ወይ ስኽስኽታ
- ሮታቫይረስ
- ሩቤላ
- ኒሞኮካል
- ፖልዮ
- ፍሮማይ (ቺክንፖክስ)

## ህጻናት መዓስ እዮም ክታበታት ክወስዱ ዝግባእ?

ህጻናት ገና ብዕሽላቶም ክኽተቡ ይግባእ። ምኽንያቱ ገና ብንኡሳቶም እንከለዉ ብሕማማት ክጥቅዑ ስለዝኽእሉ'ሞ እዞም ሕማማ እዚኣቶም ድማ ንህይወት ክሳብ ዘስግኡ ኣሰከፍቲ ኪኾኑ ስለዝኽእሉ። ህጻናት፡ ኣብ ውሽጢ'ተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ዕድሚኦም መሰረታውያን ተኻታታሊ ክታበታት ድሕሪ ምውሳዶም፡ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ድማ ክደግሙ የድልዮም። ነቲ ግቡእ ዝኾነ ሰሌዳ ግዜ ክታበት ምክትታልን ውላድካ ኣብ ግዚኡ ክታበት ከምዝወስድ ምግባርን ኣገዳሲ እዩ። ዝተፈለየ ሰሌዳ ግዜ ክታበት ምጥቃም ወይ ክታበት ኣብ ምውሳድ ምድንጓይ፡ ኣብ'ቲ ምውሃብ ክታበት ዝደንጉየሉ እዋን ሕማማት ክምዕብሉ ስለዝኽእሉ፡ ንደቅና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እዩ።

## ክታበታት ብቐጻሊ/ብስሩዕ እንተተዋህቡ ዝሓሸ እዩ፡ማለት ኣብ'ዞም ዚስዕቡ ክልታት ዕድመ፡-

- እዋን ምውላድ
- 2 ኣዋርሕ
- 4 ኣዋርሕ
- 6 ኣዋርሕ
- 12-24 ኣዋርሕ
- 4-6 ዓመት

## ክታበታት ውሕስነት ዘለዎም ድዮም?

ክታበታት ውሕስነት ዘለዎምን ውጽኢታውያንን እዮም። ክታበታት ብመሰረት እቲ ዝለዓለ ዕያራዊ መመዝኒ ናይ ውሕስነት እዮም ዝተሓዙ። ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝጥቀሱ - እቶም ቀንዲ ውጽኢታውያን ቀረባት ክታበት እያ እትውንን። ሓደ ክታበት ልቸንሳ ቅድሚ ምውሃቡ፡ ንገለ ዓመታት ኣብ ፈተነ ክጸንሕ የድልዮ። ክታበታት፡ ሓንሳብ ኣብ ጠቕሚ ምስወዓሉ፡ ኣብ ውሕስነትን ውጽኢታውነትን ዘተኮረ ምክትታል ይካየደሎም። ይኹን እምበር፡ ከም ዝኾነ ይኹን ካልእ መድሃኒት፡ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኪህልውዎም ዝከኣል እዩ። መብዛሕትኦም ጐድናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበታት ነኣሽቱ ኰይኖም፡ ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ከባቢ ክፍሊ ኣካላት ዝኽሰት ንእሽተይ ዝመጠኑ ቃንዛን ትሑት መጠን ረስኒ ኣካላትን የጠቓልሉ። እዞም ከም'ዚ ዝኣመሰሉ ነኣሽቱ ምልክታት ንቡራት ኰይኖም፡ ኣካላትና ተጻዋርነት የማዕብል ስለዘሎ፡ ክንጽበዮም ዘሎና እዮም። ኣሰከፍቲ ዝኾኑ ኣካላዊ መልሰ-ግብርታት ናይ ክታበት ሳሕቲ እዮም ዘጋጥሙ። ዝኾነ ይኹን ክታበት ዝወስድ ሰብ፡ ብዛዕባ ጠቕምታትን ተኽእሎ ሳዕቤናትን ናይ'ቲ ዝወስዶ ዘሎ ክታበት ብምልኣት ክፈልጥ ይግባእ። ንዝኾነ ይኹን ክህልዎ ዝኽእል ሕቶ ድዩስ ስክፍታ፡ ምስ'ቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህቦ ኣካል ክዘራረበሉ ይግባእ።

## ንዋጋታት ክታበት ብዝምልከት ክርከብ ዝከኣል ሓገዝ ኣሎ ዶ?

እቲ ኣብ መድሕን ጥዕና ዘለኩም ሸፈነ እንተላይ ዋጋ ክታበታት ዝዓጹ እንተኾይኑ ፈትሹ። ውላድኩም መድሕን ጥዕና ምስዘይህልዎ ወይ እቲ ዘለዎ መድሕን ጥዕና ዋጋታት ክታበት ዘይዓጹ ምስዝኸውን፡ ነቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ወይ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ ፕሮግራም ክታበት ህጻናት (VFC) ተወከስዎ። ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ./VFC ነቶም ተቐባልነት ዝሃቦም ህጻናት ካብ ዕለት ልደቶም ክሳብ መበል 18 ዓመት ዕድሚኦም ዝመልኡሉ እዋን ዝጸንሕ ኣገልግሎት ክታበት ይህብ። እቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ኣብ ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ. ዝሳተፍ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምፍላጥ ሕተትዎ ወይ ድማ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ ፕሮግራም ክታበት  https://idph.iowa.gov/immtb/immunization ብምፍታሽ ዝርዝር ናይ'ቶም ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ. ዝህቡ ተሳተፍቲ ኣካላት ርኸቡ።

## ናይ ውላድና መዝገብ/ሰነድ ክታበት

ንመዝገብ/ሰነድ ክታበታት ውሑስ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምቕማጥም ኣገዳሲ እዩ። መረጋገጺ ናይ ክታበታት፡ ኣገዳስነቱ ንምሉእ ዕድመ ሰብ ዝጸንሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA ብመልክዕ ወረቐት ዝሰነድ መዝገብ ክታበት ኣይሕዝን እዩ። ይኹን እምበር፡ ናይ ክታበት መዛግብቲ፡ ቀዋሚ ኣብ ዝኾነን ኣብ መላእ ኣውራጃ ኣብ ዝዝርጋሕን ኤሌክትሮኒካዊ ማዕከን፡ ማለት ኣብ ናይ IOWA ስርዓተ ሓበሬታ መዝገብ ክታበት (ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.) ክስነድ ዝከኣል እዩ። ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.፡ ንወለዲን ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣከሉ ሰባትን፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ንገዛእ-ርእሶም ድዩስ ንውላዶም ዝምልከት መዝገብ ሓበሬታ ንክኾኑ ዘኽእሎም፡ ምስ ህዝባዊ መዝገብ ዝተኣሳሰር ትሕዝቶ ይውንን፡- https://iris.iowa.gov።ሰነድ ምስዘይርከብ፡ ምስ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል፡ ብዛዕባ ጉዳይ ምእታው መዝገብ ክታበት ውላድኩም ናብ ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ. ብዝምልከት ተዛራረቡ።

